# ዕዉት ኣኼባ መንእሰያት
# ኣብ ከተማ ማንሃይም

ዕለት 15.09.2012

ብዕለት 15. 09. 2012 ኣብ ከተማ ማንሃይም ዕዉት ኣኼባ መንእሰያት ተኻይዱ። ኣብዚ ብመንእሰያት ማንሃይም ዝተጸወዐ ኣኼባ፡ ካብ ቤት ጽሕፈት ህዝባውን ኮማውን ጉዳያት ኣቶ ፍጹም ሳህለ ኣብ መኽፈቲ ናይቲ ኣኼባ፡ ኤርትራውያን መንእሰያት ኣብ ናይ ስደት ሂወቶም መንነቶምን ባህሎምን ዓቂቦም ክቕጽሉን ነቲ ኣነ መን ኢየ? ዝብል ሕቶ ብርእሰ ተኣማንነት ክምልሱ መሰረታዊ ምኽኑን ድሕሪ ምግላጽ። ነዚ ንምርግጋጽ መሰንእሰያት ናይ ገዛእ ርእሶም ውዳቤ ክም ዘድሊ ብምግላጽን፡ ነዚ ዝምልሰ ዕዉት ኣኼባ ክኾነሎም ተመንዩ።

ቀጺሳ ሓላፊት መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ኣብ ጀርመን ወ/ት ሰምሃር ተኽስተ ዕላማን ኣቃውማን መንእሰያት ህ.ግ.ደ.ፍ. ብሰፊሑ መግለጺ ኣቕረባ። ኣብ መግለጺኣ መሰረታዊ ዕላማ መንእሰያት ህግደፍ፡ ምህናጽ ሓያል፡ ንቑሕ፡ ዝተወደበን ሃገራዊ መንእሰይ ምኽኑ ኣብሪሃ። ቀጺላ ንኣገባር ኣሰራርሓ፡ ዘለዋ ናይ ስራሕ ኮሚቴታትን መደባትን ንተሳተፍቲ ብዝርዝር ኣረዲኣ።

ኣብ ዝቐረበ መግለጺ ሰፊሕ ናይ ሕቶን ርእይቶን መድረኽ ብምኽፋት፡ ንዝቐረቡ ሕቶታት ድሕሪ ምምላስ፡ ኣብዞም ክልተ ነጥብታት ሰፊሕ ናይ ሓሳባት ምልውዋጥ ተኻይደም።

መንነት ምዕቃብን ምቕጻልን ብኸመይ? ኣየናይ መልክዕ ናይ ውዳቤ ምስ ዓቕምናን ኩነታትናን ይኸይድ? ዝብል ብዘተን ኽትዕን ድሕሪ ምብሳሉ፣ ናይ መንእሰያት ውዳቤ ኣብ ከተማ ማንሃይም ንምቛም ሓባራዊ ምርድዳእ ተገይሩ። ኣብ መወዳእታ ሰለስተ ዝኣባላታ ግዜያዊ ኮሚቴ ኣቑሞም።

ኣብዚ ኣጋጣሚ ኣቶ ቴድሮስ ጐይትኦም ሓላፊ መንእሰያት ህግደፍ ኤውሮፓ ትረኺቡ፣ መንእሰያት ነዊሕ ጠመተን ራእይን ክህልዎም ከምዝግባእን መንእሰያት ማንሃይም ነዛ መዓልቲ'ዚኣ ከም መበገሲ ወሲዶም ታሪኻዊት መዓልቲ ክገብርዋን ንዝለዓለ ሓላፍነት ቁሩባት ብምዃን ሓላፍነቶም ክሰክሙን ዓቢ ናይ ገዛ ስራሕ ይጽበዮም ከምዘሎ ምኽሩ ለጊሰሎም።

እዚ ኣስታት 50 መንእሰያት ዝተሳተፍዎ ኣኼባ መንእሰያት ሃገራዊ መንፈስ ብዝዓሰሎ ልዙብ ምርድዳእ ብዓወት ተዛዚሙ።

ዓወት ንሓፋሽ

ክፍሊ ሓብሬታ ከተማ ማንሃይም

ታደሰ ዑቕባ ጋብር